# ናይ ተሓካማይ ፖሊሲ ፋይናንሳዊ ደገፍ Fred Hutch Cancer Center
# ላቒባ III - ወረቐት ሓበሬታ ናይ ዝለዓለ መጠን ክፍሊት (AGB)

Fred Hutch Cancer Center፣ ኣብ'ቲ ክፋል ሕጊ ቤት-ግምጃ (Treasury Regulation Section) 1.501(r)- 5(b)(1)፣ ከም'ቲ ዝተገለጸ "look-back method" "ሜላ ሉክ-ባክ" ብምጥቃም በቢ ዓመት ነቲ Amounts Generally Billed, AGB ይውስን።

1. **ኣሰላልሓ AGB፦**

   - ሕድሕድ ዓመት፣ ክፍሊ ፋይናንስ Fred Hutch Cancer Center ኣብ መወዳእታ ፊሲካላዊ ዓመት <$1000 ዝኾኑ ተኣዋዲ ገንዘብ ንዘለዎም ነፍሲ ወከፍ ሕቶታት መረዳእታ ይእክብ እዩ።

   - እዚ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ፊሲካላዊ ዓመት ተሓከምቲ ካብ ሆስፒታል ናይ ዝወጽኡሉም ዕለታት ሕቶታት የካትት። ፊሲካላዊ ዓመት Fred Hutch Cancer Center ካብ ጁላይ 1 ክሳብ'ቲ ዝቕጽል ጁን 30 እዩ።

   - ሕቶታት ዓርሰ-ክፍሊት ኣይተኻተቱን።

   - ናይ Fred Hutch Cancer Center ዓመታዊ ሚእታዊ AGB ማለት፣ ከፈልቲ ሳልሳይ ወገን ዝኸፍሉዎ መጠን ተደሚሩ፣ ኣብ ዝሓለፈ ፊሲካላዊ ዓመት ምስ'ቶም ሕቶታት ብዝተሓሓዝ ናብ'ቲ ዝተኸፈለ ዘይተቈራረጸ ጠቕላላ ድምር ክካፈል ከሎ እቲ ዝርከብ ውጽኢት እዩ።

   **እቲ ስልሒት ከም'ዚ ዝስዕብ ይጽመቑ፦**

   AGB% = ናይ ዝሓለፈ ፊሲካላዊ ዓመት ጠቕላላ ክፍሊት ኢንሹራንስ/ጠቕላላ ዘይተቈራረጸ ክፍሊት

2. **ግዜን ኣጠቓቕማ AGBን፦**

   - ክፍሊ ፋይናንስ Fred Hutch Cancer Center ናይ'ቲ AGB ሚእታዊ ዝውስን እንትኾን፣ Fred Hutch Cancer Center ድማ ድሕሪ ምውዳእ ነፍስ-ወከፍ ፊሲካላዊ ዓመት ኣብ ውሽጢ 120 መዓልቲ ነቲ ህሉው ሚእታዊ AGB ግብራዊ ምግባር ይጅምር።

   - ብመሰረት'ቲ ናይ ተሓካማይ ፖሊሲ ፋይናንሳዊ ደገፍ Fred Hutch Cancer Center ቡቑዕ ከም ዝኾኑ ዝቝጸሩ ተሓከምቲ፣ ብኢንሹራንስ ካብ'ቶም ዝሸፈነሎም ውልቀ-ሰባት ዝበልጽ ዝለዓለ መጠን ክፍሊት ("AGB") ኣይኸፍሉን እዮም። እቲ ወሃብ መድሕን ኩሉ ክፍሊት ኣተግቢሩ ምስ ወደአ፣ ሽፋን ኢንሹራንስ ዘለዎም ቡቑዓት ተሓከምቲ ብውልቆም ካብ AGB ዝለዓለ ክፍሊት ንክኸፍሉ ሓላፍነት ኣይስከሙን።

3. **ካብ** ዲሴምበር 1፣ 2024፣ ጀሚሩ ናይ Fred Hutch Cancer Center AGB **44.94%** ኰይኑ እዩ (እዚ ድማ ብመሰረት'ቲ መረዳእታ ሕቶታት ፊሲካላዊ ዓመት 2024 እዩ)።